ብስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ፡ ኣሜን።

## ዓመታዊ በዓል ቅድስቲ ማርያም ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ኤርትራ በይ ኤርያ ብድምቀት ተኸቢሩ።



ካብ ዝተፈላለየ ክፍልትታት ኣመሪካ ተዓዲሞም ብዝመጹ ሊቃውንቲ ኣቦታትን ብብዝሒ ምእመናን ብክብ ዝበለ ፍስሓን ሓጎስን ዝተጸንበለ ናይ ኣዴና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ኣስተርእዮታ፡ ካብ ዓርቢ የካቲት 1 ክሳብ ሰንበት 3 የካቲት 2008 (ጥሪ ፳፫ - ፳፭ 2000 ዓ.ም. ግእዝ) ዝተፈላለየ መንፈሳዊ መደባት ሓቍፉ ኔሩ።

ኣቦታት ኣብ ዝሃብዎ ሰፊሕ ኣስተምህሮ፡ ኣዴና ቅድስቲ ድንግል ማርያም ብሥላሴ ዝተሓርየት፡ ንማንም ፍጡር ዘይተዋህበ ክብሪ “ምልዕተ ፀጋ” ረኺባ እቲ ሰማይን ምድርን ዘይጸሮ መድሓኒ ኩሉ ዓለም ክርስቶስ ብምውላዳ ቤተክርስትያንና ብፍሉይ ከተኽብራ ትነብር፡ ድሕሪ ምባሎም፡ ኣብ ቅዳሴናን ምህለላናን ነቲ ኩሉ ኣብ ኢዱ ዝሓዘ ወዳ ክትልምነልና ከምንጽሊ ኣስተምሂሮም። ካብኡ ሓሊፍና ካብ ኣዴና ቅድስቲ ማርያም ንምሃሮ ብዙሕ ነገራት ከምዘሎ ገለ ካብኡ እምነት፡ ትሕትና፡ ግብርታት ኣምላኽ ምስትንታንን ምውህላልን ...ይርከቦ። ከምኡውን ኣብቲ ካብ ዓርቢ ጀሚሩ ክሳብ ሰንበት ዝቐጸለ መንፈሳዊ ሰሚናራት ምእመናን ብእምነት ዝዓብይሉ መገድታት፡ መንእሰያት ብቑዓት ተተካእቲ ኮይኖም ንኽዓብዩ ተራ መራሕቲ ሃይማኖት፡ ወለድን ሓላፍነት መንእሰያትን ብሰፊሑ ተገሊጹ። ነቲ ጉባኤታት ዕዉት ካብ ዝገበሮ ሓደ ምእመናን ብሕቶን ርእይቶን ዝሳተፍሉ ሰፊሕ ባይታ ምንባሩ እዩ።



ብተወሳኺ ምእመናን ነቲ ኣብ ቤተክርስትያንና ወሪዱ ዘሎ ከቢድ ፈተነ ኣብ ሓቂ ጸኒዖም ምቅላሶምን፡ ምስ ካህናም ብምምኽኻር፡ ናይ ነዊሕ ብምሕሳብ ታቦት ቅድስቲ ድንግል ማርያም ምምራጾም፡ ኃይማኖታዊ ብስለትኩም እዩ ዘርኢ ክብሉ ኣቦታት መጎሰም ገሊጾም።

ቤተክርስትያን ካብ ፈተና ከምዘይተዐርፍ፡ ኩሉ ግዜኡ በሊዑ ኪሓልፍ ከሎ ቤተክርስትያን ግን ንኹሉ ኣሕሊፋ ትቐጽል ከምዘላን ታሪኽ ይምህረና። ሕጊ ኣፍሪስካ፡ ሓቂ ቐቢርካ ነዊሕ ኪኸየድ ስለዘይከኣል እዚ ናይ ሎሚ ፈተናውን ግዝያዊ እዩ።



እቶም ነቲ ጉዳይ ዘይመልከዑ ከትሕዝዎ ዝፍትኑ ኣካላት ግን፡ እቲ ጉዳይ ንዝበዝሐ ሕዝብናን ደላይ ሓቂ ኩሉ ዓለምን ግሁድ ስለዝኾነ ካብ ድኻም ሓሊፎም ካልእ ዘፍርይዎ ከምዘይህሉ ክግንዘቡ ይግብኦም ብምባል ኣዘኻኺሮም።

ምእመናን በቲ ዝተሰርዐ መንፈሳዊ መደባት ሓጎሶም ድሕሪ ምግላጽ ቀጻልነት ኪህልዎ ተላብዮም። ከምውጽኢት ናይቲ ዝቐነየ ሃብታም ትሕዝቶ ዝነበሮ መሃርን ሃናጽን ትምህርትታት፡ ን1700 ዓመታት ጸኒዑ ንዘጽንዓና ሕጊ ቤተክርስትያን ኪፈርስ እናረአና ስቕ

ኣይንብልን ብምባሎም ኣብ ርእሲኦም ኣረሜናዊ ግፍዒ ንዝበጽሖም ኣብ ሰሜን ኣሜርካ ንዝርከቡ ኣቦታት  ክንናቢ ሓላፍነትና እዩ ብምባል ምእመናን ብናይ ገዛእ ርእሶም ተበግሶ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ኣዋጺኦም።





ንብፁእ ውቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና! ንቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ ይሃብ።

**ኣድራሻ**

St. Mary Eritrean Orthodox Church Bay Area

2500 Hansen Rd Hayward, CA 94541

Phone 510-593-3819

ኣገልገልትን ምምሕዳር ሰባኻ ጉባኤን ቅ. ማርያም ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን በይ ኤርያ።